# መሬትና ሂብና ዝመጽእ ሰላም የለን!!!!!

ምስ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ካልእ ናይ ኢትዮጵያ ክፋል ብዝበለጸ ናይ ታሪኽን ናይ ባህሊ ዝምድናን ከምዘለና ንፈልጥ ኢና። ሰላም ንደሊ ኢና፤ ኤርትራውያን ኣሓትና እዮም እንተኾነ ግን ሃገር ኣሕሊፍካ ሂብካ ዝመጽእ ሰላም የለን፡፤

ህዝቢ ትግራይ ምስ ኤርትራውያን ኣሕዋቱ ዘባእስ ነገር የብሉን። እቲ ዘሎ ናይ ዶብ ውሳኔ ሕዝብ ዘይፈልጦን ሕዝቢ ዘይመኸረሉን ጉዳይ እዩ። ዜግነቱን ዓዱን ክስእን ድማ ኣይቕበሎን። ናይ ዝኾነ ይኹን መንግስቲ ቀዳማይ ሓላፍነት ሃገር ምሕላውን ናይ ዜጋታቱ መሰል ምርግጋጽን እዩ። ንዜጋታቱ ዘይኸውን መንግስቲ ኣብ ስልጣን ክጸንሕ ኣይግባእን።

ኣብ ጊዘ ደርጊ ብ 1977 ዓ. ም. ወሪዱ ብዝነበረ ዘሰካሕክሕ ሓሪ(ደርቂ) መንግስቲ ካብ ከባቢ ዓጋመ ንህዝቢ ብምግዳድ ንኣሶሳን ንጋምቤላን ንኽሰፍሩ ኣናሓፈሰ ኣብዝወስደሉ እዋን እቱ ህዝቢ ከምዚ ዝስዕብ ይደርፍ ነይሩ፡

ሓሪ ሓላፋይ እዩ፤ ሓሪ.

ዜግነትካ ምቕያር ነውሪ።

ርግጽ'ዩ ምስ ኤርትራ ሰላም ብዘይምህላዉ ህዝብና ተጸጊሙ ከምዘሎ ፍሉጥ እዩ። ይኹን ደኣ እምበር ሄዚ ዘለዎ ጸገም ምስቲ ዝሓለፎ እንክነወዳድሮ ከለና ሰማይን መሬትን እዩ። ዓዱ ዘሸይጥ ጸገም እንኳንዶ ሄዚ ቀደምውን ኣይነበረን። ስደት ከይዱ ይኹን፤ ተጸጊሙ  ኣብ ዓዱን ሃገሩን ዘለዎ ቕዋም ኩሉ ጊዜ ጽኑዕ እዩ። ሕወሓት 17 ዓመት ክትቃለስን ክተቃልስን ዝኸኣለት ብሽግር ዘይፍታሕ፤ ጽኑዕ ህዝቢ ውድብና ኢሉ ስለዝሓቖፋን ስለዝተቐበላን እዩ።

እዚ ኹሉ ተሓሊፉ፤ ሕወሓት ዝመርሖ ፓርቲ ኣብ ስልጣን ካብ 25 ዓመት ንላዕሊ ኣብ ዝጸንሓሉ፤ ካብ ኣብራኹ ዝተወለዱ ደቁ ናይ ደርጊ ሠራዊት ሓምሺሾም ኣብ ኣፍሪቃ ኣሎ ዝበሃል ሠራዊት ዝፈጠሩን፤ ንዓዶም ጥራሕ ዘይኮንስ ንኣፍሪቓ ሰላም ንምምጻእ ዝኽእል ሓይሊ ኣብ ዝፈጠሩሉ እዋን ናይ ትግራይ መሬት ንኤርትራ ኣሕሊፍና ክንህብ ኢና ማለት፤ ንምቕባሉ ዘይኮነስ ንምሕሳቡ'ውን የሸግር።

ኣብ ትግራይ  ዘሎ መረት ነንሕድሕድ ቦታ ናይ ኣሽሓት ዓመታት ታሪኹን ዓጽሙን ዝተቐበረሉ እዩ። እንካብ ዓዲ ጥልያን ብፋሽስት ተወሲዱ ዝነበረ ሓውልቲ እኳ ንኣኽሱም እናመለስና፡ የግዳስ ኣዕጽምቲ ወለድና ዝተቐበሮን ናይ ወለዶታት ታሪኽ ዝተፈጸመሉን መረት ኣሕሊፍካ ምሃብ ማለት **ሰላም ንምምጻእ ዝግበር ዘይኮነስ ዘይጥፍእ ሓዊ ምእጓድ ማለት እዩ።**

ሐ.ገ.